ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር | الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

**ንህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ብማዕረ ዘጽንት ዘሎ ዳግማይ ወራር ንኹንን!**

ኣቢይ ኣሕመድ ብሓደ ኢዱ ናይ ሰላም ባንዴራ እናኣውለብለበ በቲ ካልእ ኢዱ ከኣ ምስ መሻርኽቱ ኣረሜናዊ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ታሪኽ ናይ ክልቲኤን ሃገራት ተራእዩ ብዘይፈልጥ ግፋን ክተትን ንህዝቢ ኤርትራን ንህዝቢ ትግራይን ኣብ ምጽናት ተዋፊሮም ኣለዉ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት ናይ ጭቆናን መግዛእቲ ስርዓት ህግደፍ እፎይ ኢሉ ዝሓደረሉ ኩነታት እኳ እንተዘየለ ናይ ሎሚ ግን ኣብ ክጻወሮ ኣብ ዘይክእል ኩነታት ወዲቑ ኣሎ።

ኣብ ሙሉእ ኤርትራ ዓዲ ውዒል ዝኾኑ ኣረጋውያን ይኹኑ ስንኩላንን ናይ ሕማም ጽጉማትን ከይተረፉ ተገዲዶም ናብ ኲናት ይኣትዉ ከምዘለዉ ደጋጊምና ሓቢርና ኔርና ኢና። እምቢ ዝበሉ ኣብ ኣብ ቅድሚ ስድራቤቶም ይቕተሉ ከምዘለዉ እውን ናይ ዕለት 1 መስከረም 2022 ኣብ ኣኽርያ ኣብ ልዕሊ ገብረኣብ ዝተባህለ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ተዓላማይ ዜጋ ብጥይት ከምዝቐተልዎ ከም ኣብነት ሓቢርና ኔርና ኢና። እዚ ተባራቲዑ ቀጸለ እምበር ዝሃድኤ ነገር የለን። ኣብ ከባቢ ዓዲ ቀይሕ ብኣስገዳድ ጥሪቶም ገዲፎም ወይ ናብ ማሰርቲ ወይ ናብ ቅድመ ግምባር ዝተወሰዱ ዜጋታትና፡ ጥሪቶም በይነን ምስ ተረፉ ናብ ኣስመራ እናተኾብከባ ኣብ እንዳ ኢንኮደ ዝበሃል መሕረድ ስጋ ተሓሪደን ስገኤን ተዓሺጉ ስንቂ ጦር ሰራዊት ኢትዮጵያ ይኸውን ኣሎ።

ኤርትራ ሃገርና ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣጥለቕሊቓ ህዝቢ ኤርትራ ፍርቂ ከብዱ እናሓደረ ንፆኦም ስንቂ የቐብል ኣሎ። ሃብታማት ዝበሃሉ ኤርትራውያን ናብ ካዝና ህግደፍ ገንዘብ ብባንክ ከመሓላልፉ ብታሕቲ ታሕቲ መምርሒ ወሪዱሎም ኣሎ። ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከባቢኤን ዘሎ ዝተሓብኤ ዝኾብለለ ሰብ ኣጽኒዐን ንመንግስቲ ሓበሬታ ከቕብላ ተቖጺረን ከምዘለዋ ተፈሊጡ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣብዚ እከይ ወፈራዚ ዝተሓባበሩ ዜጋታት ጽኑዕ መጠንቀቕታና ከነመሓላልፈለን ንፈቱ። እዚ ጸልማት እዋን ክሓልፍዩ፡ እቲ ዘይሓልፍ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ዝተርፍ ዘለኣለማዊ ሕማቕ ተግባራት'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ናይ ወለዶታት ህይወቱ ኣብ ጽቡቕ ይኹን ኣብ ሕማቕ ምስ ህዝቢ ትግራይ መናብርትን መዋድቕትንዮም። ነቲ ኣብ ጽቡቑ ክውዕል ዝኽእል ህዝቢ

ከጽንት ምውፋር ማለት መጻኢ ዕድሉ ክጽልምትን ኣብ ትሕቲ ታሪኻውያን ጨፍጨፍቱ ክወድቕ ኣፍደገ ዝኸፍት ተግባራት ምዃኑ ክፈልጥ ይግባእ። እዚውን እንተኾነ ብነጻ ዝርከብ ኣይኮነን ህይወትካ እናገበርካ ህይወት ኣሕዋትካ ምጥፋእ ውጽኢቱ ድማ ተተሓሒዝካ ምጥፍእ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንወረርቱ በዲሁ ነጻ ናይ ምውጻእ እምበር ንኻለኦት ወሪሩ ህዝቢ ናይ ምጽናት ታሪኽ የብሉን። እዚ ህግደፋዊ ፕሮጀክት ናይ ጥፍኣት ፕሮጀክት እዩ፡ ኩልና ብሓባር ክንኩንዮን ኣንጻሩ ደው ክንብልን ንጽባሕ ዘይበሃሎ ዕማም ደለይቲ ፍትሕን ሰላምን ዕማም'ዩ። መንእሰያትና ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ድምጾም ከስምዕሉ ኣብ ዝጀመሩ እዋን ሓድነት ደለይቲ ፍትሒ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ተባራቲዑ ክቕጽል ኣለዎ። እንተወሓደ ኣብ ሓጺር ግዜ ኩላትና ኣብ ዘለናዮ ሃገራት ብሓባር ነዚ ኲናት ንምኹናን ድምጽና እነስመዓሉ ብሰላማዊ ሰልፍታት ዓለም ሙሉእ ቆላሕታ ክገብረሉ ዘኽእል ኩነታት ክንፈጥር ኣለና። እዚ ህይወት ናይ ምድሓን ሰብኣዊ ወፍሪ እምበር ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ እምነት መተግበሪ ጌርካ ክረአ ኣይግባእን።

ሕጂውን እንተኾነ እዚ ኲናት ናይ ኣቢይ ኣሕመድን ናይ ኢሰያስን ፕሮጀክት እምበር ናይ ህዝቢ ኤርትርን ናይ ህዝቢ ትግራይን ካብኡ ሓሊፉውን ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ፕሮጀክት እውን ኣይኮነን። ኲናት እንተተናዊሑ ስልጣን ዲክታቶርያውያን መራሕቲ ምስኡ ይነውሕ፡ ስቓይ ህዝቢ ይነውሕ መጻኢና ይጽልምት። እዚ ጥራሕ ግን ኣይኮነን - ክንዳኸመሉ'ም እሞ ክበልዑና ዘምባህቑ ዘለዉ ዘባውን ዓለም ለኻውን ተረባሕቲ እውን ኣለውና።

ህዝቢ ትግራይ ብኹሉ መኣዝን ኲናት ተኸፊቱሉ ኣብ ናይ ህይወት ኣድሕን ኩነታት ኣሎ። በዚ ዝሕጎስ ሰይጣናዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ጥራሕዩ። እዚ ኲናት ደው ክብል ኣለዎ፡ እዚ ጸረ ሰብኣዊ ተግባራት እናረኣና ተቓውሞና ክንገልጽ እንተዘይክኢልና፡ ኣብ ርእሴና ተመሳሳሊ ዓመጽ ክወርድ ከሎ ረዳኢ ኣይንረክብን ኢና። እቶም ምስ መንግስትና ኣለና ዝብሉ ካብቶም ገዛ ገዛ እናኸዱ ቆልዑን ኣረጋውያንን እናጎተቱ ናብ ሓዊ ዝጥጥቑ ዘለዉን ብዘይ ኣስናኖም ሑጻ ዝቑርጥሙ ዘለዉን ህግደፋውያን ዝፍለዩ ኣይኮኑን።

ኤስሃግ ሕጂውን ከም ወትሩ ኣብ ጎድኒ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ እዩ!!

እምቢ ንኲናት - እወ ንሰላም

ህዝቢ ኤርትራ ንሓው ህዝቢ ትግራይ ምጥፋእ ክወፍር ኣይግባእን

ፍትሕን ሰላምን ንኹሎም ውጹዓት፡

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤስሃግ

23 መስከረም 2022